ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ኣራሚት ሽማግለ

حزب النهضة الإرتري

اللجنة التصحيحية

Eritrean Nahda Party-

Correction Committee




## ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ጅዳን ከባቢኣብ ንዝኽሪ መቅተልቲ ኣቦ-ስውኣት ሼኽ ዓብድልቃድር ከቢረ ብድምቀት ኣኽቢሮም

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ጅዳን ከባቢኣን ንዝኽሪ ኣቦ-ስውኣት ሼኽ ዓብድልቃድር ከቢረ ብድምቀት ኣኽቢሮም።

ብመጀመሪያ ሓላፊ ጨንፈር ጅዳ ሓው ኣውልኼር ንኣኸበኛታት ናይ እንቋዕ ብዳሓን መጻእኩም ሓጺር መደረ ድሕሪ ምስምዑ፡ ንዝኽሪ ኣቦ-ስውኣት ኣመልኪቱ፡ ነቲ ካብ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ተንበርኪኽኻ ምንባር መስዋእቲ ዝመረጸ ቀዳማይ ስውእ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ኣቦ-ስውኣት ሼኽ ዓብድልቃድር ከቢረ እንሆ ብዕሱባት ኣባላት ኣንድነት ካብ ዝቅተል ልዕሊ 68 ዓመት ኮይኑ፡ ገና ጀግንነቱ ዝናኡን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይሰጋገር ኣሎ ድሕሪ ምባሉ፡ ነቲ ብክፍሊ ዜና ዝተዳለወ ሓጸርቲ ታሪኻት ኣቦ-ስውኣት ኣንቢቡ።

ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ (ኣራሚት ሽማግለ) ሓው ኣንዋር ኢብራሂም ብወገኑ፡ ነቲ ብጨንፈር ጅዳ ዝተገብረ ምድላዋት ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ዕላማ ናይዚ በብዓመቱ ዝካየድ ዘሎ ዝኽሪ ኣቦ-ስውኣት ሼኽ ዓብድልቃድር ከቢረ፡ ንስለ ምዝካር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ዝኸፈለሉ ዕላማ፡ ጅግና ሓርበኛ ስውእ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ኣሰሩ ተኸቲሉ ዝፈለሞ ሳውራ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ 30 ዓመት ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ድሕሪ ምካያዱ፡ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተገላጊሉ።

ሓርበኛ ኣይነብርን እዩ ታሪኹ እዩ ዝነብር። ሼኽ ዓብድልቃድር ድማ ነቲ ምእንቲ ዕላማ ዝኸፈሎ ክቡር ዋጋ ምዝካርን፡ ጅግንነቱን ሓበንን ዝመልአ ታሪኹን ንወለዶታት ምስግጋር፡ ከምኡውን ነቲ ሕልሚ ኩሎም ሰማእታትናን ጠሊሙ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ህዝብና ብኣልማማ ዘሳቂ ዘሎ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምእላይ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ኣሰር ከቢረን ኣሰር ኩሎም ጀጋኑና ክስዕብ መታን ናይ ምዝኽኻርን ምልዕዓልን ሓላፍነትና ስለ ዝኾነ እዩ ኢሉ።

ሓው ኣንዋር ንውሽጣዊ ጉዳያት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣመልኪቱ እቲ ዝካየድ ዘሎ ናይ ዕርቂ መስርሕ፡ ብወገንና ብዘይ ቅድመ ኩነት እኳ እንተተቀበልናዮ፡ እቲ ካልኣይ ሸነኽ ግን ብዝተፈላለየ ምስምስ ነቲ መስርሕ የደናጉዮ ምህላዉን ኣብሪሁ። ይኹን እምበር መሪሕነት ሰልፊ ንዘውጽኦ መደባት ንምትግባሩ ይኹን ንምዕዋቱ፡ ከምኡውን ነቲ ኣብ ሰልፊ ዝተኸስተ ቅልውላው ንምስጋር ከይተሓለለ ዓቲቡ ይሰርሕ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ኣቦ-ወንበር ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ኣንዋር ብተመሳሳሊ ነቲ ብ30 መጋቢት 2017 ኣብ ጨንፈር ሪያድ ዝካየድ ዝኽሪ ኣቦ-ስውኣት ክካፈል ሙኻኑ ነዘኻኽር።

**ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ**

**ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ክፍሊ ዜና -ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**26-03-2017**